UW Medicine

# ናይ ኣእምሮ/ሓንጎል ምሟት

*እንታይ ምባል ከምዝኾነ*

*ሓደ ሓደ ስድራታት ኣእምሮ/ሓንጎል "መይቱ" ምባል እንታይ ምባል ከምዝኾነ ሕቶ ኣለዎም፡፡ እዚ ፅሑፍ ዚ ካልኦት ሰባት ጠቓማይ ኮይኑ ዝረኸቡዎ መልእኽቲ ብውሽጡ ሒዙ ኣሎ፡፡እዚ ፅሑፍ ሓካይም ብኣእምሮ ምስራሕን ዘይምስራሕን ተደሪኾም ሓደ ሰብ መይቱ ኣሎ ኢሎም ከመይ ገይሮም ከምዝውስኑ ዝሕብር እዩ፡፡*

## ናይ ኣእምሮ/ሓንጎል ምሟት ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ናይ ሓንጎል/ኣእምሮ ምሟት ሓደ ሰብ መይቱ እዩ ኢልካ ንምዝራብ ሕጋዊ ኣተረጓጉማ ዝህብ እዩ፡፡ እዚ ምባል ኣእምሮ/ሓንጎል ንመወዳእታን ናብ ዘይምለሰሉ ደረጃን (ብሬንይን ስተምስ ተባሂሉ ዝፈለጥ'ውን) ሓፈሻዊ ስርሑ ጠጠው ከብል ከሎ ማለት እዩ፡፡



*እዚ ፅሑፍ እዚ በዚ ኣፀጋማይ ወቕቲ ንዓኻትኩም ዝጠቕም ሓበሬታ ከህበኩም እዩ ኢልና ንኣምን፡፡*

ናይ ሓደ ሰብ ኣእምሮ መይቱ ክባሃል ከሎ ዘጋጠሞ ሓደጋ ወይከዓ ሕማም ብጣዕሚ ሕማቕን ኦሮማይ ናብ ዘይምለሰሉ ደረጃ ምብፃሕን ከምው'ን ዘይድሕን ምባል እዩ፡፡ኣብዚ ደረጃ እዚ ሰባት ዓርሶም ክኢሎም ክትንፍሱ ኣይክእሉን ምባል እዩ፡፡ ክትንፍሱ ዝኽእሉውን ብሓገዝ ቬንትለተር ብዝባሃል ማሽን እዩ፡፡ እዚ ቁሩብ ከደናግር ይኽእል ፤ምኽንያቱ ከዓ ልቢ ምህራሙ ጠጠው ስለዘየበለ፡፡ክንሪእዮም ከለና ዝደቀሱ እዮም ዝመስሉ፤ ልቢ ምህራሙ ጠጠው ዘየብለሉ ምኽንያት ካዓ እቲ ማሽን(መሳርሒ ) ኣየር ናብ ውሽጢ ዛንቡኡ ስለዘመላልስ እዩ፡፡


እዚ ኣብ ኡ ንዝርከቡ ኣባል ስድራታት ከቢድ ክኸውን ይኽእል፡፡ ደቂሶ እዩ ኢሎም ንምእማንውን ክመርፁ ይኽእሉ እዮም፡፡ነገር ግን እቲ ቬንትለተር(ማሽን) ምስጠፍአ ትንፋሱ ውን ይጠፍእ፡፡ ኣተሀራርማ ልቢ 'ውን ቀልጢፉ ጠጠው ይብል፡፡

## ናይ ሓደ ሰብ ኣእሮ ምሟቱ ሓካይም ከመይ ገይሮም የረጋግፁዎ ?

ናይ ሓደ ሰብ ኣእምሮ ብጣዕሚ ዝተጎድአ ምኧኑ ንምፍላጥ ሓካይም ካብ ዝጥቀሙሉ መንገዲ እቲ ሓደ ብቕዓት ኣሰራርሓ ናይ ኣእምሮ /ሓንጎል ብምፍታን እዩ፡፡ ቀለልቲ ትእዛዛት ምፍፃም ምኽኣሉን ፤ ወይከዓ ኣካላዊ ምብርባራት ብምፍናው ኣእዳው ወይከዓ ኣእጋሩ ንኸንቀሳቕስ ብምግባር እዩ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ክፋል ሓንጎል (ብሬይን ስተምስ) ዝቆፃፀሮም ተግባራት ንኣብነት ሰምሰም ምግባር፤ምሕንጋግ፣ምስዓል፣ ኣብ ዓይኖም መብራህቲ ብምውላዕ ከመይ ከምዝምልሱን ከምዝፍፅሙን ብምግምጋም እዩ፡፡

ስዒቦም ዘለው ኩሎም ኩነታት ክፍጠሩ ከለው ሓካይም ናይ ሓደ ሰብ ኣእምሮ መይቱ ኣሎ ኢሎም ይድምድሙ፡፡

- ኣብ ኣእምሮ ዝበፅሐ ሓደጋ ዘይድሕን እንተኾይኑ
- ኣእምሮ ወይከዓ ብሬይን ስተምስ ስርሑ እናሰርሐ ምኧኑ ዝሕብር ገለ መረጋገፂ እንተዘየለ
- ሙቐት ሰብነት እንተወሪዱ(ካልኦት ፀላዊ ነገራት ንኣብነት ፈውሲታት እንተተወጊዶም)




*እዚ ስእሊ ብሬይን ስተም፣ሴሬብለምን ሴረብረም ዝተብሃላ ክፋል ናይ ኣእምሮና ዘሪኢይ ስእሊ እዩ፡፡ ብሬን ስተም ልተፈላለዩ መሰረታዊ ተግባራት ከም ኣተነፋፍሳ፣ ኣወሓሕጣ፣ትርግታ ልቢን ፀቕጢ ደምን ይቆፃፀር፡፡ ኣእምሮና ምስ ዓንዲ ሕቖና ዘገናኒይ'ውን እዩ፡፡*

## እንታይ ንፅበ ?

*መርመራ ምሟት ናይ ኣእምሮ ዝግበር ብሕክምናን ሕጋዊን ረቛሓታት ተደሪኹ እዩ፡፡እዚ መርመራ ዚ ክልተ ልተፈላለዩ ዶክተራት ኣብ ልተፈላዩ 2 እዋናት ሃላዋት ናይ ተሓከማይ ጋምጋም ንኽገብሩ ዘገድድ እዩ፡፡ እዚኦም ዶክተራት ኣብ መርመራ ምሟት ኣእምሮ ክኢላታት (ኤክስፐርታት) ዝኾኑ እዮም፡፡*

እዚኦም ዶክተራት ብሒጊ ኣድላይ ዝኾነ ሕክምናዊ መርመራ ይገብሩ፡፡ኣእምሮ መይቱ ኣሎ ኢልካ ንምውሳን ክልቲኦም ዶክተራት ስዒቦም ንዘለው ኩነታት ግድን ክረኽቡ ኣለዎም፡፡

- **ብሰንኪ ሕማም ዝግበር ገለ ኣካል ምንቕስቓስ ( motor function) ዘይምህላው፡**-ዶክተራት ማቻ ዘይህቡ ምትንካፋት ንኣብነት ጫፍ ናይ እዝኒ ወይከዓ መንኩብ ብጣዕሚ ብምጭባጥ ናይ ተሓካማይ ግብረ-መልሳዊ(ምንቕስቓሳት )የረጋግፁ፡፡ ሓደሓደ ግዘ ዓንዲሕቋዊ ዋሕዘ ከም ናይ ጭዋዳ ፈርፈርታ ክራኣዩ ይኽእሉ እዮም ነገር ግን እዚኦም ግብረ-መልሳዊ ምንቅስቓሳት(motor function) ኣይኮኑን፡፡
- ***ሃንደበታዊ ምንቅስቓስ ታሕተዋይ* ክፋል ሓንጎል (ብሬይንስተምስ) እንተዘየለ፡**-እቲ ሰብ ግብረ-መልሲ ዝህብ ምኺኑን ዘይምኺኑን ንምርግጋፅ ዶክተራት ኣብ ልዕሊ ዓይኒ ተሓካማይ መብራህቲ ይውልዑ፡፡ ካብዚብተወሳኺንኽክስምስም ብኢዶም ንዓይኑ ይትንክፍዎ፤ ንኽክስዕል ወይ ከዓ ንኽክሕንግግ ውሽጢ ጉሮሩኡ ይትንክፉዎ፡፡ካልእ ዓይነት መርመራ ከዓ ዙሕል ማይ በረድ ኣብ እዝኑ ገይርካ ዓይኑ ከንቀሳቕስ ከሎ ምክትታል እዩ፡፡
- **ብጀኻ ቬንትሌተር(መተንፈሲ ማሽን )ክትንፍስ እንተዘይኪኢሉ፡፡** ኣተነፋፍሳ ቴራፒን ዶክተሩን ብሓባር ኮይኖም ተሓካማይ ዝትንፍሰሉ ቬንትሌተር ማሽን ንሓፂር እዋን ብምቁራፅ/ብምውፃእ ምውሳኽ ዓቕን ካርቦንዳይኦክሳይድ ናይ ደም ልምትንፋስ እንተተባቢዒዎ ምርኣይ እዩ፡፡

ሓዳሓደ ግዘ ካልኦት ዓይነት መርመራታት ኣድለይቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ምሟት ኣእምሮ ናይ ተፈታዊኹም ከመይ ገይሮም ከም ዘረጋገፁዎ መንታን ከሕብሩኹም ንዶክተርኩም ሕተቱዎም፡፡

## ድሕሪ ውሳነ ምሟት ኣእምሮ ናይ ሓደ ሰብ እንታይ ይግበር ?

ሓደ ሰብ ኣእምሩኡ መይቱ ኣሎ እንተተባሂሉ ሂወቱ ሓሊፉ/ዓሪፉ/መይቱ ኣሎ ምባል እዩ፡፡ ምሟት ኣእምሮ ዘይምለስን ዘልኣለማዊን እዩ፡፡ከድሕን ኣይኽልን፡፡

ምውት ዝተብሃለ ሰብ ብሓገዝ ማሽን(ቬንትሌተር ) ክትንፍስ(ልቡ ክሃርም) ይኽእል ፡፡ ነገር ግን ንኽክትንፍስ ኣእምሮ ጉቡእ መልእኽቲ ንሰብነቱ እናመሓላለፈ ኣይኮነን፡፡ ብዘይ ቬንትሌተር ማሽን ሰብነቱ ክትንፍስ ኣይኽእልን ፤ልቡ ውን ቀልጢፉ ጠጠው ትብል፡፡

**ብመሰረት ሕጊ ሓደ ሰብ መይቱ እዩ ልባሃል እቲ ሓኪም ኣእምሩኡ መይቱ ኣሎ ኢሉ እንትውስን እዩ፡- እዚ** ማሽን/ቬንትሌተር ዝተቋረፀሉ ግዘ ኣይኮነን፡፡እቲ ዶክተር ኣእምሩኡ መይቱ ኣሎ ኢሉ እንተወሲኑ ልቡ፣ሳንቡኡን ካልኦት ክፋል ሰብነቱን ንክሰርሑ ንገብሮም ዝነበርና ኩሉም ኣፋውሳዊ ምክንኻናት ምቁራፅ ንጅምር፡፡

***መዋታይ* ወፋይ ኣካል (ኦርጋን ) እንተኾይኑ ፡-** ዋላ ድሕሪ ምሟት ኣእምሩኡ እቲ ቬንትሌተር እናሰርሐ ንኽቕፅል ክንገብር ንኽእል፡፡ካብ ትካል ኣከብቲ ኣካላት ናይ ውህብቶ ዝመፁ ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ከይዲ ውፈያ ኣካል(ኦርጋን) ሓበሬታ ይህቡ፡፡ እዚኦም ሰራሕተኛታት ናይ ዚ ሆስፒታል ሰራሕተኛታት ኣይኮኑን፡፡

*መርመራ ምሟት ኣእምሮ ተሓከምቲ ዝገብሩ ዶክተራት ሰራሕተኛታት ትካል ኣከብቲ ውፋይ ኣካላት(ኦርጋን)  ኣይኮኑን፡፡ እዚኦም ዶክተራት ምቕያር ኣካል ዘድልዮም ተሓከምቲ(ተጠባበቕቲ) ዓሚል'ውን  የብሎምን፡፡*

## ነሕና ኣብዚ ዘለና ንምሕጋዝ እዩ፡፡

ኣእምሩኡ ንዝሞተ ሰብ ምስንባት ብጣዕሚ ኣፀጋማይ ክኸውን ይኽእል፡፡እቲ ቬንትሌተር ናብ ትፈታዊ ቤተሰብኩም ሳምቡእ ኣየር/ኦክስጅን ስለ ዘእትውን ዘውፅእን ንነብሱ ብኢድኩም እንተተንኪፍኩሙዎ ሰብነቱ ውዕይ ክኸውን ይኽእል፣ሕብሪ ናይ ገፆም'ውን ዘይተቐየረ ክመስል ይኽእል፡፡

እቲ ቬንትለተር/መተንፈሲ ማሽን ክወፅእ/ክቋረፅ ከሎ ሓደሓደ ስድራታት ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ሕክምና ንምፅናሕ ይደልዩ፡፡ካልኦት ካዓ ናይ ኣእምሮ ምሟት ምስትነገረ ቀልጢፎም ናብ ገዝኦም ምኻድ ይመርፁ፡፡

ታይ ምግባር  ከምዝግባኣኩም ምስ ኣባል ስድራኹም ኮይንኩም ምውሳን ትኽእሉ ኢኹም፡፡ብክብረትኩም ድልየትኩም ንነርስታት ሓብሩዎን፡፡

እስኻትኩምን ኣባል ስድራኹምን  ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ንምፅናሕ እንተደሊኹም ልተፈላለዩ ባህልታትኩምን ስርዓተ-ፆለትኩምን ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ክኢላ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ናይ ሆስፒታል ምሳኻትኩም ንኽርከብ እንተደሊኹም ንነርስታት ሓብሩወን፡፡

## ካልኦት ስድራታት ቅድሚ ሕጅ ዘልዐልዎም ሕቶታት

### *ሓውና ኣብ ኮማ (ቬጅቴቲቭ ስቴት) እዩ ዘሎ ክባሃል ይካኣል ዶ?*

ኣይኮነን፡፡ ናይ ኣእምሮ ምሟት (ብሬይን ዴዝ) ኮማ ወይከዓ ቬጅቴቲቭ ስቴት ኣይኮነን፡፡ ኣብ ውሽጢ ኮማ ዘሎ ሰብ ኣእምሩኡ ይሰርሕ፡፡ቬጅቴትቭ ስቴት ዝባሃል ከዓ ክፋል ታሕተዋይ ሓንጎል (ብሬን ስተምስ) ንኽክትንፍስ ዘኽእል ስራሕ ይሰርሕ፡፡ ሓንሳብ ኣእምሮ እንተመይቱ ጊና ኩሎም ስራሕቲ ኣእምሮ ጠጠው ክብሉ እዮም፡፡

### *ኣእምሮኡ  መይቱ ዝደሓነ ሰብ ኣሎ ዶ?*

የለን፡፡ ሞት ዘልኣለማዊ እዩ፡፡ ሓደ ሰብ ካብ ኣእምሮ ሞት ድሒነ ኣለኹ እንተይሉ ብትኽክል ድሒኑ ከይኮነስ እቲ መርመራ ምሟት ኣእምሮ ጉጉይ ነይሩ ማለት እዩ፡፡

### *ገለ ዝግበር ካልእ ነገር ኣሎዶ?*

ቅድሚ ምሕባር ምሟት ኣእምሮ ናይ ሓውኩም  ብመሰረት ኑዛዜኡ ሂወቱ ንኽተርፍ ዝግበር ኩሉ ፃዕሪ ገይርና ኣለና፡፡ድሕሪ ምሟት ኣእምሮ ግን ዝድሕነሉ ምንም ዓይነት ዕድል የለን፡፡

### *ኢንሹራንሳት ኣብ መርመራ ምሟት ኣእምሮ ፅዕንቶ ክገብሩ ይኽሉ ዶ?*

ኣይክእሉን፡፡ መርማራ ምሟት ኣእምሮ ካብ ንዋታዊ /ገንዘብ ነገራት ሙሉእ ንሙልእ ናፃ እዩ፡፡እቲ ተሓካማይ እንትሞት ብርግፀኝነት መይቱ ኣሎ ኢሎም ናይ ምውሳን ሓላፊነት ናይ ዶክተራት ጥራሕ እዩ፡፡

### *ምስ ባህሊናን ሃይማኖትናን ዘይኸድ ነገር ንኽንገብር ሓካይም እንተኣዚዞምና እንታይ ክንገብር ኣለና?*

ምስ ዶክተርኩም፣ነርስኹም፣ሶሻል ዎርከርኩም ወይከዓ ቀሺኹም/ሸኽኩም ተነጋገሩ፡፡ መራሒ ሃይማኖትኩም(ቀሺ/ሸኽ) ወይከዓ እትኣምኑዎ ሰብኩም ናብ ሆስፒታል ኣምፂእኹም ምስ ጉጅለ ሕክምና ሆስፒታል ትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ወይከዓ ምስ ሰራሕተኛ ግልጋሎት ፀሎት ናይ ሆስፒታል ምዝርራብ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

ዘለኩም ገለ ሕቶ በኽብርትኩም ሕተቱና፡፡

**ሕቶታት?**

ሕቶታትኩም ጠቓምቲ እዮም፡፡

ገለ ሕቶ ወይ ከዓ ሓሳብ እንተሃሊዩኩም በጃኻትኩም ንገሩና፡፡

© UW Medicine
Published PFES: 2017, 2021
Clinician Review: 06/2021
TIGRINYA translation by HMC Interpreter Services
Reprints on Health Online: https://healthonline.washington.edu

